FOLK
TAND
VÅRDEN
SKÅNE



# ብዛዕባ ብኹባኹ ስኒ (ካርየስ)

ብኹባኹ ስኒ: ዚጓድኡ ባክተርያ ኣብ ኣስናን ኣሲድ ኪፈጥሩ ከለዉ ዚኸሰት ሕማም'ዩ።

**ስለምንታይ ኣብ ስነይ ነ኿ል ይወጽእ፧**
ሽኮር ወይ ካልእ ካርቦሃይድሬት ዘሎዎ መግቢ ክትበልዕ ከለኻ ወይ መስተ ክትሰቲ ከለኻ: እቶም ባክተርያ ንስኒ ዚበልዕ ኣሲድ ይፈጥሩ። እዚ መጥቃዕቲ ኣሲድ'ዚ ንኣስታት ፍርቂ ሰዓት ኣቢሉ ይቕጽል። ዚበዝሕ እዋን ኣብ ኣፍ ዘሎ ምራቕ ነቲ ዚኸሰት መጕድእቲ ኪከላኸሎ ይኽእል'ዩ። ኣብ ምራቕ ፍሎሪን ዚብሃል ባእታ እንተሎ: ንኣብነት መዓልቲ-መዓልቲ ስንኻ ፍሎሪን ብዘሎዎ ናይ ስኒ ክሬም ትሓጽቦ እንተ ኾይንካ: እቲ ናይ ምራቕ ምክልኻል ዕማም ብጽቡቕ ይሰርሕ።

**ኣብ ስነይ ነ኿ል ከይወጽእ ብኸመይ ከወግድ እኽእል፧**
እቲ ኣውራ ኣገዳሲ ነገር: ጽሬት ኣፍካ ምሕላውን፣ ኣስናንካ ክልተ ሳዕ ንመዓልቲ ፍሎሪን ብዘሎዎ ናይ ስኒ ክሬም ብጥን ቃቕ ኣብ መፈላለይኡ ምጽራይ እዩ። ሽዑ ባክተርያ ኪለግቡ ኣይክሉን። ኣብ ንቡር ግዜ ምብላዕ ፈትን፣ ኣመንጕኻ ጸጸኒ ሕካ ምብላዕ'ውን ኣወግድ። ምኽርና: ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሽዱሽተ ሳዕ ንመዓልቲ (ጠዓሞት ጸብጺብካ) ምብላዕ'ዩ።

**ነ኿ል ስኒ ከም ዘሎኒ ብኸመይ እፈልጥ፧**
ፈለማ መጕዳእቲ ካርየስ ኣብ ስኒ ኪጅምር ከሎ: ከም ጻዕዳ ንቕጣ ወይ ሕንጻጽ ኣብ ስኒ ይረአ። ናይ ፈለማ ብኹባኹ ስኒ: ኣይስምዓካን'ዩ፣ እቲ ነ኿ል ኪጕድጕድ ከሎ ግን ስንኻ ይኺኹየካ። ሓደ ካልእ ምልክት ከኣ: ስንኻ ክትሕይኸሉ ከለኻ የሕ ምመካ። ቃንዛ ስኒ እንተ ጀሚሩካ: እቲ መጕዳእቲ ስኒ ድሮ ዓሚቝ ከም ዘሎ ምልክት'ዩ።

**ነ኿ል ኪፍጠር ዘጋድድ ሓደጋ፧**
ኣብ ስንኻ ብቐሊሉ ነ኿ል ዚወጸካ እንተ ኾይኑ: ስንኻ ብዝሓሸ ኣገባብ ንምክልኻል: መዓልቲ-መዓልቲ ኣፍካ እትጕጽጒ ጸሉ ተወሳኺ ፍሎሪን ከድልየካ'ዩ። ኣዛይድካ ናብ ሓኪም ስኒ ምኻድ'ውን ከድልየካ'ዩ። ብምኽንያት ምውሳድ መድሃኒት ወይ ሕማም ዚኸሰት ድርቀት ኣፍ: ኣብ ስንኻ ነ኿ል ናይ ምውጻእ ሓደጋ ከጋድዶ ይኽእል'ዩ።

እቲ ዝበለጸ ምኽርና

- ስሩዕ ግዜ መግቢ
  (4-6 ሳዕ ንመዓልቲ ምምጋብ)።
- ስኒ ምሕጻብ ንጉሆን ምሸትን ብፍሎሪን ዘሎዎ ናይ ስኒ ክሬም።
- ብኹባኹ ስኒ (ካርየስ) ንምክልኻልን ንምውጋድን በብእዋኡ ሓኪም ተረአ።



REGION
SKÅNE